# ስርዓት ወያነ ካብቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ናይ መፈናተቲ ቦታታት ሰራዊቱ ብዘይምውጽኡ፣ ጊዜያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ብግብሪ ከም ዘይቖመ ኮሚሽነር ዓንደብርሃን ሓቢሩ።

-----------000------------

ስርዓት ወያነ ካብቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ናይ መፈናተቲ ቦታታት ሰራዊቱ ብዘይምውጽኡ፣ ጊዜያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ብግብሪ ከምዘይቖመን ብኵናት ዝተመዛበለ ህዝቢ ናብ ዓድታቱ ኪምለስ ከም ዘይከኣለን ኮሚሽነር ኮሚሽን ምውህሃድ ምስ ልኡኽ ዓቃብ ሰላም ኣቶ ዓንደብርሃን ወልደገርግስ ገሊጹ።

ኮሚሽነር ዓንደብርሃን ነዚ ዝገለጸ፣ ስርዓት ወያነ ብግብሪ ካበየኖት ከባቢታት ኤርትራ ከም ዘይወጸ ብቐረባ ንምዕዛብ ምስ ኣምባሳደራት ናይጀርያን ነዘርላንድን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈን ጾሮናን ድሕሪ ዘካየዶ ዑደት ንጋዜጠኛታት ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝሃቦ መብርሂ እዩ።

እቲ ንኮሚሽነር ዓንደብርሃን፣ ክልተ ኣምባሳደራትን ጋዜጠኛታትን ዘጠቓለለ ጉጅለ ብ5ን 6ን ሓምለ፣ ሰራዊት ወያነ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ብምጥሓስ፣ ዛጊት ዘይወጸሉ ቦታታት ብምዕዛብ፣ ኻኹነታትን መነባብሮን ናይቶም ብወራር ወያነ ተመዛቢሎም ዛጊት ናብ ዓድታቶም ክምለሱ ዘይከኣሉ ዜጋታት ኣብቲ ዝርከብዎ መዓ ስከራት ብምብጻሕ ተመልኪቱ።

ኣቶ ዓንደብርሃን ኣብ መብርሂኡ፣ ስርዓት ወያነ ካብቲ ጊዜያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ክምስረተሉ ዝተባህለ መስመር ክሳብ 13 ኪሎ ሜተር ብሓይሊ ጥሒሱ ንውሽጢ ኣትዩ ከምዝርከብ ብምሕባር፣ እዚ ፍጻመዚ ንስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ብግብሪ ምጥሓስ ከምዝኾነ ገሊጹ። ብሰንኪ እዚ ድማ ኤርትራውያን ተቐማጦ እተን ዓድታት ነናብ ዓዶም ንኪምለሱን ስሩዕ መነባብሮኦም ክጅምሩን ከምዘይከኣሉ ኣፍሊጡ።

ስምምዕ ምቛም ጊዜያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ፣ ናይ ክልቲኤን ሃገራት ሰራዊት ካብ ኩሉ ቦታታት ን25 ኪሎ ሜተር ክፈናተቱ ዝጠልብ እዩ። እንተኾነ ኤርትራ ነቲ ስምምዕ ብምኽባር ሰራዊታ ካብቲ ዝተባህለ ቦታ ክትስሕብ ከላ፣ ስርዓት ወያነ ግን ዛጊት ኣብ ውሽጢ መሬት ኤርትራን እቲ ግዚያዊ ናይ ጸጥታ ዞባ ዝቖመሉ ቦታታትን ይርከብ። ስርዓት ወያነ ነዚ ስምምዕ ክሳብ ዘይተግበረ ድማ ዓቃብ ሰላም ውድብ ሕቡራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ተልእኽኡ ኻኽይፍጽም ከምዝዕንቀፍ ኮሚሽነር ዓ ንደብርሃን ገሊጹ።

ኣምባሳደር ፈደራል ረፓብሊክ ናይጀርያ ሚስተር ሃሩዳ መሓመድ ዋንዶ ብወገኑ፣ “ክልቲኤን ሃገራት ተጻብኦታት ንምቁራጽ ዝፈረማኦ ውዕላት ኣብ ግብሪ ከውዕልኦ ይግባእ” ክብል ኣዘኻኺሩ። ንሱ ኣስዒቡ፣ “እቲ ብሰንኪ ኵናት ዘጋጠመ ዕንወት ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ተዘናቢሉ ዝጸንሐ ህዝቢ ናብ ዓድታቱ ክምለስ ጀሚሩ እኳ እንተሎ፣ ዛጊት ኩሉ ኣይተመልሰን። እቲ ዝተመልሰ ውን ኣባይቱ ዓንዩ ስለዝጸንሖ ኣብ ጥራይ ጎልጎል እዩ ዝኣቱ ዘሎ” ክብል ትዕዝብቱ ገሊጹ። ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብ ዓለም ነዚ ህዝቢ ህጹጽ ሓገዝ ኪገብረሉ ከምዝግባእ ድማ ጸዊዑ።

ኣምባሳደር ሃሩዳ፣ ቀንዲ ዕላማ ዑደቱ እቲ ኵነታት ብቐረባ ተኸታቲሉ ንመንግስቱ ሓቐኛ ጸብጻብ ንምቕራብን ንተመዛበልቲ እንታይ ዓይነት ሰብኣዊ ሓገዝ ከም ዘድሊ ንምሕባር ምኳኑ ኣጋጣሚ ሓቢሩ።

******ኣዜኤ*********